# መመዝገቢ ክፍሊ

## መደብ ዓጺድ ኣእሙሮ - ጥቅምቲ 2022

*የመስግነኩም እግዚኣብሄር ነዚ ናብ ምንባብ ክመርሓኩም ስለ ዝፈቐድኩም። ይኣምን እየ ነዚ ምጽናዕኩም ብዕብየት ክኸሕሰኩም ኢዩ ፡ ምዕባለ ናብቲ ልክዕ ምልኣት ክርስቶስ ባዕሉ ፍጽምና ናብ ዘይንእስ ክትበጽሑ ክገብረኩም ኢዩ።*

*ዳግማይ ምውላድ ስራሕ መንፈስ ምዃኑ ዘክሩ። ይኹን እምበር ኣብኡ ኣይውዳእን እዩ ፡ ሕጂ እውን [ብመንፈስ] ክትዓቢ ኣለካ። ጎይታና ናይ ኣምላኽ ክብረ ብዕብየት የገርመኩም ምኽንያቱ ኩሉ ሰብ ብነብያት ፡ ብወንጌላውያን ፡ ብጓሶ ፡ ብሃዋርያት ወይ ብመምህራን ዝማዕበለ ኣይኮነን። ገሊኡ ከም[1] ሳኦል [ድሒሩ ሃዋርያ ጳውሎስ] ኣብ መንገዲ ደማስቆ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብኣምላኽ [ብውልቂ] ዝማዕበለ እዩ።*

*ስለዚ በየናይ መንገዲ ናብዚ ብሕብረት ተኣኪብና ብዘየገድስ ፡ ንእየሱስ ከም [እንኮ] ንጉስና ንፍለጦን ንርደኣዮን።*

*ኩላትና ካብ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ክንከውን ንኽእል ኢና ፡ ንሳቶም ግን ናትና ኣይኮኑን። ኩላትና ኣካል ክርስቶስ ኢና ።*

*እቲ ሕያዋይ ጎይታ ይባርኽኩም።*

*ንሱ ንጉስ ክብሪ ኮይኑ ይነብር።*

- **Prof. Lesego Daniel**

### ኣገዳስነት ሕብረት

ብቐጻሊ ሕብረት ብምግባር ፡ ብፍላይ ኣብዚ ፈታኒ እዋን ፡ ንሓድሕድና ክንበራታዕን ብዝበለጸ ክንፋለጥን ከም እንኽእል ንኣምን። እዚ ውን ንቃላት ጎይታና እየሱስ ክርስቶስን ሃዋርያ ጳውሎስን ሕብረት ከይንሓድግ ንዘተባብዑና ይፍጽም። ንሕና ጉባኤ ኢና መኽንያቱ ኣብቲ[2] ክልተ ወይ ሰለስተ ብስሙ ምስ  እንእከብ ንሱ ኣብ ማእከልና ስለ ዘሎ።

ንሓድሕድና ምፍቃርን እግሪ ምሕጻብን ክንቅጽል ከለና ኣምላኽ ካብ ትጽቢትና ንላዕሊ ጽልዋ ከም ዝህልዎ እኣምን።

### ብኣምላኽ እዩ ዕብየት ዘፍቅድ

ናይ ኣምላኽ ሰብ ከም ፍቃዱ ወይ ከም ድላዩ ዘይኮነስ ከም ፍቓድ ኣምላኽ እዩ ዝዓቢ። እንተኾነ ግን ሓደ ሰብ ንትእዛዛት ኣምላኽ ተገዚእን ተኣዛዚን ክኸውን ኣለዎ ንሱ ድማ ብትሕትና ከም ቆልዓ ብሙኳን ክብጻሕ ይኽእል[3]። ስለዚ ፡ እግዚኣብሔር ከም ዝፈቐዶ ፡ ናብ ካልእ ደረጃ ክንከይድ ንኽእል ኢና።

ገለ ደረጃታት ኣለዉ ጾም ይኹን ጸሎት ዘየድልዮም ብዙሓት ድማ ንኸምዚኦም ዝኣመሰሉ [ደረጃታት] ይበኽዩ ፡ ግን ከኣ ጽድቂ ጥራይ ዝጠልቡ [ትሕትና ሓደ ካብቶም ዘድልዩ እዩ]።

---

[1] ግብረ ሃዋርያት 9

[2] ማቴ 18:20

[3] እብራውያን 6:3

© 2020 Rabboni Centre Ministries

ከምቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝተገልጸ ኩሉ ሰብ ከመይ ከም ዝሃንጽ ክጥንቀቕ ከም ዘለዎ ስርሖም ብሓዊ ኢዩ ዝፍተን[4]። ብዙሓት በቲ ዝሰርሕዎ ስራሕ ንነብሶምን ኣገልግሎቶምን የጥፍኡ።

**1ቆሮንቶስ 3፡8 ኣንብብ**
ምውድዳርን ቅንእን ብሰንኪ ዘይምርዳእ ንሓደ ናብ ዝተመደበሉ ቦታ ንከይበጽሕ የደናጕ። እቲ ዝተክል ነቲ ማይ ዘስቲ ይበኣስ ነቲ ዕብየት ዝፈጥር እግዚኣብሔር ምኳኑ ረሲዑ። ምስቶም እተሰልጥኖም ወይ ንሳቶም ኣብ ነንሕድሕዶም ክወዳደሩ [ተኺልካ] ክትርከብ ኣይትደልን ኢኻ። ብፍቓድ ኣምላኽ ጥራይ ኢና ክንዓቢ እንኽእል።

ንሕና ብእኩብን ብውልቂን [ብኽልቲኡ] መሕደሪ ኣምላኽ ኢና። ስለዚ፡ ሰባት ነቲ እትፈልጦ ነገር ኬስተውዕሉ ስለ ዘይክእሉ፡ በይንኻ ኣብ እትህልወሉ እዋን ኣይትጨነቕ። እቲ ዘበርትዓና ጽድቅና እውን ይፈልጥ እዩ እሞ ፡ ኣብ ጽድቅኻ ድማ ገና ዓስቢ ኣሎ።

## <u>ከመይ ጌርካ ትሃንጽ ተጠንቀቅ</u>

ኣብ ስጋ ርእሰ ተኣማንነት ዘይምህላው ፈጺምካ ኣይትሕሰብ። ርእሰ ተኣማንነት ምስ ዝጎድለካ ኣብ ጎይታ ዋላ እምነት ይጎድለካን ኣብኡ እምነት የብልካን ማለት እዩ።

ምስ ጎይታ ዝተጸንበሩ ሽቃሎ ኢና። ንስኻትኩም ናይ ኣምላኽ ጀርዲን ኢኹም። ንሕና ርኡይነት (ስእሊ) ናይቲ ንሱ ጡረታ ዝኣትወሉ ጀርዲን ኢና።እግዚኣብሄር ኣብ ዘለዎ ድማ ብድሆታት ይኹን ውድቀት ክህሉ ኣይክእልን እዩ።

ብዙሓት ብኸመይ ከም ዝሃንጹ ኣይጥንቀቑን እዮም። መንፈስ ቅዱስ ክመርሕ ከም ዘለዎ ረሲዖም ብስምዒት ወይ ኣእምሮኦም ተጠቒሞም ይሃንጹ። ንሱ [መንፈስ ቅዱስ] ወይ ብውልቂ ወይ ብሓባር ክዛረበካ ይኽእል እዩ። ንኹሉ ክምህር ምስ ሓደ ሰብ ክዛረብ ይኽእል እዩ፡ እንተኾነ ግን በቲ መምርሒ ሒዙ ዝተላእከ ታሕተዋይ ታምንዶ፧

**1ቆሮ 3፡10 ኣንብብ**

ኣብቲ ሓደ ዝተሃንጸሉ መሰረት ካልእ መሰረት ከተንጽፍ ኣይትኽእልን ኢኻ። ብሓደ ሰብ ኣቢሉ ዝመጽእ ጓና ነገር ካብ ምንጻግ ተጠንቀቕ። ኣብ ኩሉ እትገብሮ ኣብዚ መሰረት [ክርስቶስ] ትሃንጽ ኣለኻ ካልእ ክህሉ ኣይክእልን እዩ።

ካብዚ ብምብጋስ ዋላ ኣብ መንበረ ታቦት ደው ኢልካ ከለኻ እንታይ ትገብር ከም ዘለኻ ምርዳእ የድልየካ እዩ ምኽንያቱ ካብቲ ድሮ ዝተነብረ መሰረት ካልእ መሰረት ክትነጽፍ ንርእስኻ ክትረኽባ ትኽእል ኢኻ። ካልእ እንተሃነጽካ (ኣንጺፍካ) ድማ ክህዝ ኣይክእልን ኢዩ (ናይ መወዳእታ)።

**1ቆሮ 3፡ 12-13 ኣንብብ**

ዝተፈላለዩ ንብረታት ንምህናጽ ይጥቀሙ እሞ እቲ ዝተቓጸለ ድማ ሓሙኽሽቲ ይኸውን። ዕንጨይቲ ወይ ሓሰር [ኣብ ኣካላዊ] ክትረኢ ትኽእል ኢኻ ግን ምስ ተረድኣካ ሓሙኽሽቲ ጥራይ እዮም። መንፈስ ቅዱስ ዘይብሉ ስጋ ምስ ሓሙኽሽቲ ማዕረ እዩ። ብሓዊ ምንዳድ ክግለጹ እዮም፣ ቅድሚ ምንዳድ ግን ክተለሊ ትኽእል ዲኻ፧ መንፈስ ዘይብሉ ሰብ ናባኻ ክመጽእ ከሎ ሓሙኽሽቲ ምኳኖም ክተለሊ ትኽእል ዲኻ፧

---

[4] 1 ቆሮንቶስ 3፡12 - 13

© 2020 Rabboni Centre Ministries

ሓደ ሰብ ንዝኾነ ንብረት ርእዩ ከመይ ዝበለ ስልማት ይብል ግን ሓደ ሰብ መጺኡ እዚ ሓሙኽሽቲ እዩ ይብል እዚ ሓደ ቅድሚ ብሓዊ ምፍታኑ መጺኡ እዚ ሓሙኽሽቲ እዩ ይብል ንዓናይ እዚ ሓሙኽሽቲ እዩ ዝብል ኣለልዮ። ስለዚ እዚ ሕጂ ብሓሙኽሽቲ ዝሰርሕ ኣገልግሎት ኮይኑ ኢዩ ፡ እዚኣ እያ እታ ብሓሙኽሽቲ እትሰርሕ ቤተ ክርስቲያን። ሕጂ ከመይ ጌርና ንረኽቦ ኣነ ሕጂ ነዚ ክንረኽቦ እየ ዝደሊ ዘለኹ። [ኢሳይያስ 60፡1] ውጻእ ተንስእን ብራህን።

ካብቲ ኩነታት ዝዓቀበካ ደሮና ዝመልአ ሓሙኽሽቲ ውጻእ ገሊኣቶም ኣብቲ ሓሙኽሽቲ ኣገልግሎቶም ዘካይዱ እዮም ሕጂ ነዚ ርኢኻ ሓሙኽሽቲ እዩ።

ሓዊ ቅድሚ ምምጽኡ ፡ ጵቡቕ ነገር ዝርኤኻ ክመስለካ ይኽእል ግና [ድሮ] ሓሙኽሽቲ ምዃኑ ኣይትፈልጥን ትኸውን። ጵብቕቲ ኣፍደገ ተባሂላ ዝኣተወ ኩሉ ብሩርን ወርቅን ናቶም እምበር ናይ እግዚኣብሄር የብሉን[5]። ሃዋርያ ጴጥሮስ ነቲ ለማኒ ኣብ ኣፍደገ ምስ ረኣዮ ግን እቲ ብሩርን ወርቅን ጴጥሮስ ናቱ ዘይኮነስ ናይ ኣምላኽ ስለ ዝነበረ ኣተኩሮሉ (ናይ ሰብ) ካብ ገንዘብ ኣሰጋገሮ።

እቲ ነቲ ሰብኣይ ዝተዋህበ ብሩርን ወርቅን ክፍጽሞ (ከዕግቦ) ስለዘይከኣለ ተፈቲኑ ካብዚ ብምብጋስ ተወሰኺ ልመና ቀጸለ። ጴጥሮስ፡ ብስም እየሱስ ክርስቶስ ነቲ ሕማም ክፍጽሞን ክገጥሞን ክኢሉ። እቲ ክውንነት ተዋሂቡ። ብዙሓት ብእቶን ክጠፍእ ዝኽእል ስለዘለዎም ነቲ ክውንነት ክህቡ ኣይክእሉን እዮም።

ዋላ እቲ ዘለካ ገዛ ይኹን፡ ንግዲ ይኹን መካይን፡ ብዛዕባኦም ዝዘረብ [ብዛዕባኻ ዝምስክር] ኣምላኽ ይኹን። ምኽንያቱ ኣቦ ኢዩ ኣብ ክንዲ ወልድ ዝምስክር ወልድ ድማ ኣብ ክንዲ ኣቦ ይምስክር[6]።

ስልጣን ብዘይግቡእ ምጥቃም [ከምቲ ብዙሓት ዝበልዎ] ዘይኮነስ፡ ኣቦ ኢዩ ዝምስክርን ቃሉ ዝፍጽምን ዘሎ[7]።

እዚ እዩ እቲ ኣካል ዝገብሮ ዘሎ ፡ ኣብ ክንዲ [ብዛዕባ] ኣቦ [ዝምስክሩ] ብዛዕባ ዘለዎም ምምስካር ኮይኑ ግን ብልጽግና ትብሎ ገና ሓሙኽሽቲ ምዃኑ ኢዩ– ኣገልግሎት ኣብ ሓሙኽሽቲ ዝሰርሕ። ኣብ ክንዲ ነቲ [ሓቀኛ] መሰረት ሓሙኽሽቲ ምሓዝን ምውካልን። ስለዚ ኣብቲ መሰረት ክትሃንጽ ካብቲ ደሮና ዝመልአ ሓሙኽሽቲ ውጻእ ፡ እቲ ጵቡቕ ዝመስል [መካይንን ክዳውንትን] ከምኡውን ብዛዕባኡ ጥራይ ክትምስክር ምእንቲ ኣምላኽ ክኽድነካ ፍቀደሉ።

እዚ ሎሚ እውን ርኡይ እዩ። ኣካል ኣብ ክንዲ መንፈስ ንባህርይ ሰብ ክስእል ንርኢ።

ምስ መንፈስ ሰብ ክትገጥም እንተኺኢልካ ምስ ሓሙኽሽቲ ዘይኮነስ ምስ ሕልናኦም ኢኻ ትገጥም ዘለኻ። ስለዚ ወጺእካ ናይ ሓሙኽሽቲ ሽያጢ ምዃንካ ኣቋርጽ። ምዉት ንምዉት ዝቀብር ኣይትኹን[8]። ክብሪ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሌኻ ስለዝመጸ ተንስእ እሞ ኣብርህ[9]።

---

[5] ግብሪ ሃዋርያት 3

[6] ዮሃንስ 5፡37

[7] ኤርምያስ 1፡3

[8] ሉቃስ 9፡60

[9] ኢሳይያስ 60፡1 (ኣምፕሊፋይድ ክላሲክ)

© 2020 Rabboni Centre Ministries

**ናይ ኣምላኽ ቅብኣት ፡ ናተይ ኣይኮነን**

ናይ [ለሰነ ዳኒኤል] ቅብኣተይ ዝብሎ የብለይን። ናይ ገዛእ ርእሰም ቅብኣት ኣለኒ ዝብሉ ሓሙኽሽቲ ዘረባ (መደረ) ኣለዎም። እግዚኣብሄር ሂቡ ነቲ ዘለኒ ድማ ብስም እየሱስ ክርስቶስ ተጠቒመ እየ ዝህቦ። 'ራቦኒ ቅብኣት' ኣይትበልዎ ፡ ብዛዕባ ክርስቶስ መስክሩ።

ነቶም ኣብ ደገ ዘለዉ ምፍራድ ስራሕና ኣይኮነን[10] ፡ ኣብ ውሽጢ [ቤተ መቕደስ] ንዘለዉ ግን ንፈርዶም ኢና። ኣቦ ንወዲ ፍርዲ ሂብዎ እዩ[11]።

ብሰንኪ ጽባቐኡ ሰባት ብደገ ዘድንቕዎ ኣገልግሎት ክትመርሕ ኣይትረኸቡ። ሰባት ተሃድሶ እናበሉ ይግረሙ እምበር ሓሙኽሽቲ እዩ። ዝኾነ ናይ ግዜ ፈተና ዝጸንዕ ተሃድሶ ንዝመጽእ ወለዶታት ክምህር ብቑዕ እዩ ምኽንያቱ ሰማይን ምድርን (ሓሙኽሽቲ) ብቃል ክሓልፍ እዩ። ፈተናታትን ጸገማትን ኣካል ፈተና ምዃኖም እውን ኣስተውዕል።

**ኢሳያስ 60፡ 1 ኣንብብ**

[ናብኡ] ከይኣተኹም ንዕኡ [ድራር ጎይታ] ኣይትብላዕዎ። በሊዖም ድሒሮም ድማ መሊሶም ደለይዎ[12] ፡ በቲ ዝገበሮ ምልክታትን ትእምርትን ተኣምራትን ዘይኮነስ ከብዶም ስለ ዝመልአ እዩ።

ካብቶም ደሮና ዝመልኦም ሓሙኽሽቲ ውጹ። ካብዚ ብምብጋስ እቲ ሓድሽ ምስ መጸ ነቲ ኣረጊት ከም ዝሓልፍ ይገብሮ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ክጸሙ ከለዉ ብሓሙኽሽቲ ይሸፈኑ ነበሩ ፡ ምስ ሓሙኽሽቲ ዝተኣሳሰር ዝኾነ ነገር ግን ተወዲኡ እዩ።

እቲ ካብ ላዕሊ ዝኾነ ካብ ላዕሊ ይዛረብ እቲ ካብ ታሕቲ ዝኾነ ድማ ብዓይኒ ምድራዊ ኣረኣእያ (ሓሙኽሽቲ) ይዛረብ[13]። ካብ ደሮና (ሓሙኽሽቲ) ክትሰብኽ ክትረኽባ ትኽእል ኢኻ። ውጹ! ኣብ ከቢድ ኩነታት እውን እንተኾነ ከመይ ጌርካ ከም እትነብር ፍለጥ። ፈጺምካ ኣይትናወጽ ወይ ኣይትነቃነቕ። ጸሓይ ጽድቂ ኣብ ኣኽናፉ ፈውሲ ሒዛ ክትወጽእ እያ እሞ[14]። ተራ ፈውሲ [ናይ ኣካላዊ ሕማም] ጥራይ ዘይኮነስ፡ እቲ ጫፍ (ናይ መወዳእታ፡ ምሉእ) ፈውሲ።

ኣብ ስጋ እሾኽ እንተሃልዩካ ወይ ኣብ [እቶም] ሓሙኽሽቲ እንተደኺምካ፡ ሓይሊ ኣምላኽ ኣብ ድኻምካ ብርቱዕ ስለ ዝኾነ ተስፋ ኣይትቑረጽ። ነቶም ከበድቲ ኩነታት፡ ጥሜት፡ ጾም ፡ ዝሑል ኩነታት ኣየር ክትሓልፎም ከም ዘለካ ብምግላጽ ተረዳእ። ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ምውጻእ ባህታ ርኸብ።

ፍቕሪ ዘይምህላው ቅንኢ፡ ጽልእን ውድድርን የስዕብ። ነቶም ዝለዓሉ እኳ፡ ኣስማት እናጸዋዕካ ትቃወሞም። ነቲ [ሓደ እዋን] ዘዕነኻዮ ዳግማይ ትሃንጾ ኣለኻ። ንነብስኻ ኣብ ከምኡ ኩነታት ፈጺምካ ኣይትረከባ።

---

[10] 1ይ ቆሮንቶስ 5

[11] ዮውሃንስ 5፡22

[12] ዮሃንስ 6፡26

[13] ዮሃንስ 3፡31

[14] ሚልክያስ 4፡2

© 2020 Rabboni Centre Ministries

### COVID-19, እቲ ፈተና

እዚ ዓለም ለኻዊ ለበዳ መን ስዒሩ ክወጽእ ከምዝኽእል ንምፍላጥ ፈተና ክኸውን ይኽእል እዩ። እገዳ ዕጽዋ ወይ ምዕጻው ቤተ ክርስቲያን ኣይትርኣዩ - መን ሲዒሩ ይወጽእ እዩ፧

እግዚኣብሄር ኩነታት ክፍትን ክፈቅድ ከሎ ኣብ መንኩብ መን ትበኪ። ንቤተ ክርስቲያን ድጎማ ክትሓትት ናብ መንግስቲ ክትከይድ ዲኻ፧ ቤተ ክርስቲያን ናይ ኣምላኽ እያ። ስራሕካ ሓቀኛ ይኹን ፡ ሓዊ ክፍትን ምስ መጸ ፡ ኣብ ክንዲ ምንዳድ ይለወጥ።

### መልኣኽ ቤተ ክርስቲያን

ኣብ ራእይ ዮሃንስ መላእኽቲ ዝተወሰና ኣብያተ ክርስቲያናት ነንብብ[15] ፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ግን ብዛዕባ ሓደ መሰርሕቱ ይዛረብ። ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ንቤተ ክርስቲያን ብመሰረት ፍቓድ ኣምላኽ ክትሰርሕ ከመይ [ሓላፍነት] ከም ዝጽልዩ ይዛረብ። ከምዚ ዝበለ ሰብ ኣብ ሕብረትካ ክኸውን ይኽእል እዩ ፡ ግን [ብኣካል] ምሳኻ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። እግዚኣብሄር ብዛዕባ ከምዚ ዝኣመሰለ ፡ ፍቓዱ[ኣምላኽ] ክትገብር ይጽልየልካ ነበረ ፡ ክምስክር ይኽእል።

ሃዋርያ ጳውሎስ ነቶም ኣብ ቆሎሴ ዝነበሩ ቅዱሳን ክጽልዩሉ ምስ ሓተቶም ብዛዕባ ኤጳፍራስ ኣብ ቆሎሴን ሎዲቅያን ሂራፖሊስን ፍቓድ እግዚኣብሔር ክፍጸም ይጽልየለን ከምዝነበረ ይዛረብ።

ዮሃንስ ንመልኣኽ ክሰግድ ክፍትን ንረኽቦ[16]፡ እንተኾነ ግን እቲ መልኣኽ ሓደ ምኺኖም ስለ ዝነገሮ ተኸልኪሉ። እቲ መልኣኽ ከጠንቅቀካ ወይ ኪዛረበካ ምረኣኻዶ፧

ጸሎትካ ብሓዊ ዝፍተን ስራሕ ምኺኑ ክትግምቶ ትኽእል ዲኻ፧

**ቆሎሴ 4፡10 ኣንብብ**

እዚ ንሃዋርያ ጳውሎስን በርናባስን ዝገደፈ ማርቆስ እዩ ድሒሩ ግን ክቕየር ዝነበሮ[17]።

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣዝዩ ተሪርን ዕሽነት ዘየዘናግዕን እዩ ነይሩ። ብዙሓት ነቲ ‘ዓንዲ’ [ናይ ቤተ ክርስቲያን] ስለ ዝፈርሑ ዕሽነት ዘአንግዱን ዘዘናግዑን እዮም። ዮሓንስ ማርቆስ ምስ እየሱስ ይኸይድ ነበረ ምስ መጸ ግን ሃዋርያ ጳውሎስ ከምታ ህሞት እቲኣ ሓሙኽሽቲ ምኺኑ ፈለጠ።

በርናባስን ሃዋርያ ጳውሎስን ተፈላልዮም ንሱ [በርናባስ] ወዲ ሓውቦኡ [ማርቆስ] ምስኦም ክኸይድ ስለ ዝደለየ እዩ። ብዛዕባ እግዚኣብሔር ክበሃል ከሎ መስመር ደም ትርጉም የብሉን።

ይኹን እምበር ማርቆስ ተቐይሩ ካብዚ ብምብጋስ ሃዋርያ ጳውሎስ ከንእዶ ነንብብ።

---

15 ራእይ ዮሃንስ 2,3

16 ራእይ ዮሃንስ 22

17 ግብሪ ሃዋርያት 15፡36

© 2020 Rabboni Centre Ministries

## ባህሪ ፡ ባህሪ ፡ ባህሪ

ጳውሎስ ማርቆስ ምስ እሱስ ምንባሩ ኣየገድሶን እዩ ፡ እቲ ባህሪ እዩ እቲ ዘገድስ። ካብዚ ብምብጋስ ንገለ ደቀይ ኣምላኽ ከመይ ከም ዝጥቀመልኩም ኣየገድሰንን'ዩ ፡ ባህርያትኩም ምስቲ ዘይቃጸል ስራሕ ክትሰማማዕ ክኽእል ኣለዎ። ስዲ ባህርያት ኣየኣንግድን ኢየ። ውህበት ኣምላኽ ክህልወካ ይኽእል እዩ ፡ ጌና ሕማቕ ባህሪ ክሎካ።ምስ ፍቕሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ፍቕሪ ገንዘብ ወዘተ ክንገጥሞ ኢና ምኽንያቱ ኣብዚ ዘለና ብዛዕባ መኪናኹም ፡ ገዛኹም ወይ ክዳውንትኹም ክንምስክር ዘይኮነስ ብዛዕባ ኣቦ ክንምስክር ኢና።

ካብ ንዋታዊ ነገራት ንላዕሊ ኣምላኽ ክህልወካ ምረጽ። እወ ሰባት ክዛረቡ እዮም ፡ ግና ፍቓደሎም ግዜ ጥራይ እዩ ክገልጾ። ጎይታ መን ናቱ ምዃኖም ይፈልጥ እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ቆሎሴ ንማርቆስ ብሓጎስ ክቕበልዎ እንተዘይሓቶም ብሰንኪ እቲ ኣቓዲሙ ዝገበሮ ኣይምተቐበልዎን። ሕጂ፡ ጳውሎስ ብስለትን ኣምላኽ ዝፈቐዶ ነገራትን ናይ ምፍላጥ ምስትውዓል ስለ ዘለዎ፡ ንማርቆስ ብሓጎስ ኪቕበልዎ ይነግሮም።

እቲ በዳሊ ምስ ተመልሰ [ኢዶም ከም ዘንብሩ] ሓጢኣት ሓድሕድ ከይትካፈሉ ናብ ንቡር ንምምላስ ኣይትቀላጠፉ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ማርቆስ [ ማርቆስ ምስ እየሱስ ክርስቶስ ዝተመላለሰ ሃዋርያ ጳውሎስ ግን ዘይመላለሰ] ብሓጎስ ክቕበል ከም ዝኽእል ንህዝቢ ዘረጋገጸሉ ደረጃ ስልጣን ዘርኢ እዩ። እዚ ድማ ብዙሓት ኣብ ሓሙኽሽቲ ብምትኳርን ካልኦት ክትንስኡ ርእዮም ብምፍርራሕን ክበጽሕዎ ዘይከኣሉ ደርጃ እዩ። ነቶም ዘሰልጥኑዎም ከገልግሉ እንተፈቑዶም ዝግደሰሎም ከይስእኑ ይፈርሑ።

ድራኸታት ብኣምላኽ ይምዘኑን ንሱ [በይኑ] ድማ ዕብየት ይፈቅድ።

**ቆሎሴ 4፡11 ኣንብብ**

ሃዋርያ ጳውሎስ መንን ኣየናይ ኣገልግሎትን ኣብ ሓሙኽሽቲ ከም ዝሰርሕ ንምፍላጥ ምስትውዓል ነበሮ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኣገልግሎታት ድማ ስደት ስለ ዝፈርሑ ምልክትኦም ክህቡኻ ምደለዩ[18]። ስደት እንተዘይፈሪሕካ ጸሓይ ጽድቂ ኣብ ኣኽናፉ ፈውሲ ኣብ ልዕሌኻ ሒዛ ክሳብ እትበርቕ ዝኾነ ነገር ክትጻወር ድሉው ኢኻ[19]።

ካብቲ ጭንቀት ጥራይ ኣይኩንካን እትወጽእ ፡ ግና ካቶም ግዝያውያን መከራታት ምስ ሓለፍካ እትወጽእ[20]። ኣብ ስጋኻ እሾኽ ምስ ዝህልወካን ብእኡ ክትሕጎስን ክሎኻ[21] ፡ ሓይሉ ኣብ ድኽመታት ፍጹም ስለ ዝኸውን ዝለዕለን ናይ መወዳእታን ፈውሲ ሒዙ እዩ ዝመጽእ።

ብዙሓት ከመይ ጌሮም ከም ዝመላለሱን ካብ ጸገም ከም ዝወጹን ስለ ዘይፈልጡ ኣገልግሎቶም ድማ ኣብ ሓሙኽሽቲ ኮይኑ ይውዳእ።

---

[18] ገላትያ 6

[19] ሚልክያስ 4፡2

[20] 2ይ ቆሮንቶስ 4፡17

[21] 2ይ ቆሮንቶስ 12

© 2020 Rabboni Centre Ministries

## ብመሰረት ፍቓድ ኣምላኽ

**ቆሎሴ 4:12 ኣንብብ**

ናብ ኣውስትራልያ ክትከይድ ክትምነ (ክትምነ) ትኽእል ኢኻ ፡ ግን ብዙሕ ነገር ናብኡ ከይትኸይድ ዝዓግተካ የጋጥም ምኽንያቱ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ [ዓባይ ብሪጣንያ] ክትህሉ ናይ ኣምላኽ ፍቓድ ስለ ዝኾነ።

ኩሉ ናይ ኣምላኽ እዩ ንሱ ድማ ይቆጻጸሮ። ብፍቓዱ ጥራይ ኢኻ ኣብቲ ክትህሉ ዝግበኣካ ቦታ ክትበጽሕ[22]።

ኤጳፍራስ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወትኩም ክፍጸም ይጽሊ ከም ዘሎ ኣይትረስዑ።

ነቲ ንዮሓንስ [ንዕኡ] ከይሰግደሉ ዝዓገቶ መልኣኽ ተረድእዎ[23]።

እግዚኣብሄር ናብ ገለ ኣገልገልቲ ወንጌል ክበጽሕዎ ዘይከኣሉ ደረጃ ይወስደኩም ከምዘሎ እኣምን። ከም ናይ ኣምላኽ ሰብ መጠን ምስትዎም እትሰልጥኖም ወይ እተማዕብሎም (ብመንገዲ) እትፍተንሉ ደረጃ። ካብዚ ብምብጋስ ብዙሓት ነቲ ዝተቐበልዎ ህያብ ምቅጽጻል ስለ ዝገደፉ ንብዙሓት ኣህዛብ ደቀ መዛሙር ክገብሩ [ብዓወት] ኣጸጋሚ እዩ። ንዓኣቶም ኢድ ምንባር እኹል እዩ[24]።

## ክብሪ ኣምላኽ

እዚ ክብሪ ናይቲ ብጸጋን ሓቅን ዝመልአ ሓደን እንኮን ወልድ እዩ - እቲ ንዝኾነ ነገር ወይ ንዝኾነ ሰብ ክቕይር ዝኽእል ክብሪ እዩ። ኣብቲ ደረጃ ምስ በጻሕካ ፡ [ንዓኣቶም]ኢድካ ኣንቢርካ ክብሪ ከይሃብካ ክትከይድ ኣይከኣልን እዩ።

ክብሪ እንተሃልዩካ ኣብ ክንድኡ ስለ እትምስክር ነገራት ከም ፍቓድ ኣቦ ኢኻ ትገብር። ንኣምላኽ ከመይ ጌርካ ከም እተገልግሎ ምስጢር የብልካን ኣባኻኡም ግና ንሰባት ክትህቡዎም ዋጋ ተኸፍልዎም ወይ ድማ ሰባት ቅድሚ ምሳኻትኩም ምርኻበም ንዕስራን ሓደን (21) መዓልቲ ክጸሙ ትነግርዎም።

ናይ ጸሎት ግዜኹም ንሳቶም ከይፈለጡ ምስ ዝተወሰነ ኣገልግሎት ኣብ ሕብረት ክትህሉ ክገብሩኻ ይኽእሉ እዮም። ንሓደ ሰብ ኣብ ሕብረትካ ከም ዘሎ ከይፈለጥካ ክትነቕፎ ወይ ሕማቕ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ንኽፍጸም ብጸሎት ይቃለስ ከምዘሎ ዘይምፍላጥ።

**ራእይ 3:14, 15 ኣንብብ**

ምስትዎም ዝተጠቕሱ መላእኽቲ ሓደ ኣብ እትኾኑሉ ደረጃ ብጽሑ።

[22] መዝሙር ዳዊት 24፡1

[23] ራእያት22

[24] 2 ጢሞቴዎስ 1፡6

© 2020 Rabboni Centre Ministries

ብዙሓት ንስኻ [በቃ] ተንሲእካ ክተብርህ ከለኻ ይሓስቡ[25]፡ ኣምላኽ ግን ንሕና እውን [ካብቲ ጭንቀት] ከም እንወጽእ ይገልጸልና ኣሎ። ሃዋርያ ጳውሎስ እቲ እሾኽ ኣብ ስጋኡ እንከሎ ጸጋ ጐይታ እኹል ምዃኑ ምስ ተረድአ እዩ ወጺኡ[26]። ከመይ ጌሩ ክነብር (ክጻወርን ክጸንዕን)ን ንኣምላኽ ክሰምዕን ይፈልጥ ነይሩ።

ቅድሚ እቲ ሓዊ ንኽፍትን ምምጽኡ ፡ ነቲ ክውንነት ራኣዮ (ክትፈልጦ)። "ኣፍደገ ጽብቕቲ" ክበሃል ይኽእል እዩ ግን እቲ ሓዊ ክፍትን ምስ መጸ ግን ይቃጸል ሓሙኽሽቲ ይኸውን።

### መዝገብ ስራሕ

ኣምላኽ ናይ ስራሕና መዝገብ ይፈልጥ ኢዩ።

ኣምላኽ ናብ መዛግብቲ ዝወስደካ ቦታ (ደረጃ) ምብጻሕ ፡ ኣብኡ እንታይ ከም ዝቃጸልን ወይ እንታይ ከም ዝተርፍ [እቲ ፈተና ምስ መጸ] ክትፈልጥ ኢኻ። ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ምስ ማርቆስን ካልኦትን ዝገበሮ ከተንእዶም ክትክእል ኢኻ[27]። መተዓይይተይ እናበልካ ብስሞም ክትጠቕሶም ኢኻ።

እዚ ደረጃ'ዚ መዝገብ ሰባት ትርእየሉ (ትፈልጠሉ)ን መዝገቦም ስለ እትፈልጠሉን ካብ ኣምላኽ ከም ዘይኮኑ ብምግላጽ ከምዝደለኻዮ ክትገብሮም ወይ ሕማቕ ክትዛረበሎም ዘይትኽእለሉ ደረጃ እዩ። ከነኣእስ ዝውዕል ወይ ክነቕፍ ፡ ንኻልኦት ንታሕቲ ዝስሕብ ብዛዕባ እቲ ዘይፈልጥዎ ሕማቕ ዝዛረብ ፡ ኣብቲ ደረጃ በጺሑ ከም ዘይፈልጥ ፍለጥ።

**ኣምላኽ ናብ ካልእ መዝገብ [ቅድሚ ቅሩብ መዓልታት] ወሲዱኒ ሓደ ዝተወሰነ ውልቀሰብ ኣርእዩኒ ፡ መለኮታቱ ምስቲ ስጋዊ ሰብ ከመይ ከም ዘይጋጠም። ኣምላኽ ብተወሳኺ ንሱ [እዚ ናይ ኣምላኽ ሰብ] ናብዚ ደረጃ ዘይበጽሐ [መዛግብቲ ሰባት ምፍላጥ] ንዓለም (ሚድያ) [ ኢሉ ደኣ እምበር ንኣምላኽ ኣይኮነን ዝገብር። ሓሙኽሽቲ እዩ። ከም በዓል ሓዳር ኮይኑ ንመጻምድቱ ከዕግብ ናይ ዓለም ነገራት ዝደሊ፡ ረብሓታቱ ይመቓቐል።**

ቃል ኣምላኽ ምስ ተመርዓኻ ከም ዘይተመርዓኻ ክትነብር ከም ዘለካ ይምህረና[28]። ተወፋይነትካ ምሉእ ብምሉእ ንክርስቶስ ክኸውን ይግባእ።

ብዙሓት ናብቲ መዝገብ ክፍሊ ክኣትዉ ስለዘይክእሉ ጋኔን ከም ዘለኻ ክነግሩኻ ይኽእሉ [ብትንቢት] ግና ከረጋግጽዎ ኣይክእሉን።

### ትንቢታዊ ኣብ መምልኢ ክፍሊ

**ቆሎሴ 4፡12 ኣንብብ**

---

[25] ኢሳያስ 60

[26] 2ይ ቆሮንቶስ 12፡9

[27] ቆሎሴ 4

[28] 1ይ ቆሮንቶስ 7

© 2020 Rabboni Centre Ministries

ኤጳፍራስ ኣብ ሓደ እዋን ምስ ሰለስተ (3) ቦታታት (ቤተ ክርስቲያናት) ሕብረት ነይርዎ። ፍቓድ ኣምላኽ ኣብኦም ክስዕር ምጽላይ። እዚ ኸኣ ከምቲ እየሱስ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ እተፈላለየ ቦታታት ንልዕሊ 500 ሰባት ከም ዝተራእዮም እዩ[29]።

ሓቀኛ ትንቢት ብቃል እግዚኣብሔር እዩ[30]፡ ኣብ ምምሃርን ምስልጣንን መለኮታዊ ፍቓድ እግዚኣብሔር ኣብ ምንጋርን እዩ። እዚ [ሓቀኛ] ትንቢት እዚ ፈጺሙ ኣየቋርጽን ኣይሓልፍን ወይ እውን ጠጠው ኣይብልን እዩ።

እቲ መምልኢ ክፍሊ ኣዒንትኺ ንኽርእያ እዩ ኣብኡ ዘሎ። ኣረግቶት ነብያት ነዚ ነገራት እዚ ክርእይዎን ክሰምዕዎን ሃረር ኢሎም ግን ኣይከኣሉን ንስካትኩም ግና ትርእዩን ትሰምዑን ስለዘልኹም ብሩኻት ኢኹም[31]።

ኣምላኽ ክሸመካ ፍቐደሉ ፡ ንርእስኻ ኣይትሹማ። እንተዘይኮይኑ ነቲ እግዚኣብሄር ዝገልጾ ክትነጽጎ ኢኻ ምኽንያቱ ናብቲ መምልኢ ክፍሊ ስለዘይኣተኻ።

**ራእይ ዮሃንስ 15-17 ኣንብብ**

ምስ ሓደ ናይ እግዚኣብሔር ሰብ እየ ነይረ ፡ ንሱ ድማ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ሰባት ናብቶም ናይ ኣምላኽ ሰባት ብምኻድ ካብቲ ቅብኣቶም ንኽማቅልዎም (ክሕተቱ) ከለዉ ጾምን ጸሎትን ክገብሮ ከምዘለዎም ይነግርዎም ኔሮም ኢሉ ኣዘንትዩለይ። በዚ ምኽንያት እዚ እዩ ሎሚ ንሕና ነቲ ኣብኦም ዝነበረ ቅብኣት ክሰርሕ ኣዘይንርእዮ። ንሳቶም ንብዙሓት ኣህዛብ ደቀ መዘሙር ንኽይገብሩ ኣቃሪጾም ነቲ ዘለዎም [ብናጻ] ክህቡ ኣይፈቀዱን። እቶም እንኮ ኣፍልጦ ዝረኸቡን ዝፍለጡን ክኾኑ ስለ ዝደለዩ እዩ።

ብትሕትናኻ ኣብታ ክፍሊ መዛግብቲ ክትረኽበ ትኽእል ኢኻ ምኽንያቱ ምስክርነትካ ብዛዕባ ኣቦ ጥራይ ክኸውን ኣለዎ።

**<u>መወዳእታ ሕጊ</u>**

ኩሉ ሰብ ኣብ ትሕቲ በረንዳ ሰሎሞን መላእኽቲ መጺኦም ነቲ ቖላይ ከንቀሳቕስዎ እናተጸበየ ኣዕሪፉ ከሎ[32] ፡ እኢየሱስ መጺኡ ነቲ መላእኽቲ ብሰንበት ስለዘይሰርሑ ዝነበሩ ናይ ስርሖም መግለጺ ቀይርዎ። እቲ ሓድሽ ነቲ ኣረጊት ግዜኡ ዝሓለፎ ክገብሮ እዩ መጺኡ። ፍርዲ ኣብ ኢድ ወልድ እዩ ዘሎ።

ንሰባት ዘስሕት ዓሻ ሃይማኖት ፍታሕ። ኣብ ቃል እግዚኣብሔር ኣይትዘሙ እንታይ ደኣ ንጹህ መንፈሳዊ ጸባ ሃቡ ንኽተማዕብሉ። ዕላማ ጸባ ንሰባት ንምምዕባል እምበር ኣብ ሓደ ደረጃ ምግዳፍ ኣይኮነን። ከቢድ ግዜ የጋጥመካ ወይ ድኹም ፡ ሓይሊ ኣምላኽ ኣባኻ ፍጹም ይኸውን ኣሎ በዚ ኸኣ ካብቲ ኩነታት ዝዓቀበካ ደሮና ዝመልኦ ሓሙኽሽቲ ትወጽእ።

ሕጂ ናብ ክፍሊ መዛግብቲ ኣቲኻ እቲ ኣባኻ ዘሎ ናይ ኣምላኽ እዩ ምስ በሉ ንመን ከም እትኣምን ክትፈልጥ ኢኻ ንመን ክትነጽጎ ድማ ክትፈልጥ ኢኻ።

---

[29] 1ቆሮ 15፡6

[30] ማቴዎስ 13፡ 17

[31] የውሃንስ 5

[32] ኤርሚያስ 33

© 2020 Rabboni Centre Ministries

## ናይ ኣቦ ጸሎት

*ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ድንዙዝ ኩን(ዋላ ሓንቲ ዘይትፈልጥ) ንሱ ድማ ዕብየት ክፈቅደልካ እዩ።‘ጸውዓኒ ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ነገራት ክርእየኩም እየ” ይብል[33]።‘ፈሊጥካ’ እንተኾንካ ግን ነቲ ኣምላኽ ክገልጾ ዝደሊ ዘይተፈልጠን ዘይተራእየን ነገራት ከይተረፈ ክትነጽግ ኢኻ። ኣብ መወዳእታ ነቲ ድሮ ዝፍለጥካዮ [ሕሙማት ምፍዋስ፡ ኣጋንንቲ ምውጻእን ትንቢትን] ከተጽድቖ ኢኻ፡ ምኽንያቱ ናብቲ መቕረጺ ክፍሊ ስለዘይኣተኻ።*

*እቲ ሕያዋይ ጎይታ ይባርኽኩም። ሓደ ነገር ፈጺምካ ኣይትረስዕ ብሓባር ንሕና ጀርዲን ኢና፡ ንሕና ኣታኽልቲ ወይኒ ኢና። ከምኡ ኬንና ድማ ንነበር።*

*ስለ ኩሉ ኣገልግሎትኩምን ንስድራቤትኩምን እጽሊ። ዘንጊ ኣብ ስድራኹምን ኣገልግሎትኩምን ይእቶ። ይንበርን ፈጺሙ ኣይፍለን።*

*ሻይሎ መጺኡ ኣብ ኣገልግሎትኩም ዝጠፍእ የልቦን ኣብታ ቤተ ክርስቲያን ይኹን ኣብ ስድራኹም። ክብሪ እግዚኣብሄር ንኹልኹም ይተንክፍኩም። ከምዚ ዝበለ ክብሪ ብኹሉ ይርአ ከምቲ ጸልማት ንምድሪ ዝሸፍኖ ፡ ኩሉ ሰብ ክብርኻ ይርኣዮ ከምቲ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሌኻ ተንሲኡ ዘሎ።*

*እጽሊ ኣለኹ፡ እዚ ጀርዲን ካብ ካልእ ጀርዲን ዝተፈልየ ይኹን። ካብ ኩሎም ካልኦት ፍሉይ ይኹን። ናብ ክፍሊ መዛግብቲ ምስ ኣተኻ ክብሪ እግዚኣብሄር ይርአ። ንዓኻትኩምን ፡ ንኣገልግሎትኩምን ይኹን ንቤተ ክርስቲያንኩም ዘስሕተኩም የልቦን።*

*ካብ ላዕሊ ርእስኻ ክሳብ ጫፍ እግርኻ በቲ ሓያል ስም ጐይታና እየሱስ ክርስቶስ ከም ዝተባረኽካ እእውጅ።*

*ኣዝየ እየ ዘመስግነኩም።*

*ኣሜን።*

[33] ኤርሚያስ 33

© 2020 Rabboni Centre Ministries